ሓዲሽ ዝዓይነቱ ቫይረስ ኮሮና SARS-CoV-2

ሓበሬታ ብዛዕባ SARS-CoV-2

ካብ መጀመርታ ወርሒ ታሕሳስ 2019 ኣትሒዙ ካብ ቩሃን፣ ዋና ከተማ ማእከላይ ቻይና ኣውራጃ ሁባይ ተላዒሉ፣ ቁጽሩ እናዛየደ ዝኸይድ ዘሎ፣ መበገሲኡ ሓድሽ ዝዓይነቱ ቫይረስ ኮሮና (SARS-CoV-2) ዝኾነ ሕማም ሳንቡእን ትንፋስን፣ እቲ ዝበዝሑ ቁጽሪ ኣብ ቻይና፣ ይርኤ ኣሎ።

እዚ ሕማም ካብ ሰብ ናብ ሰብ፣ ብቐዳምነት ብናይ ትንፋስ ፈሳሲ፣ ዝመሓላለፍ ተላጋቢ ሕማም እዩ።

ድሕሪ እቲ ክሳብ 14 መዓልታት ዝኸውን ዝወስድ እዋን ፈልፈለ እዘን ዝስዕባ ምልክታት ሕማም ክረኣያ ይኽእላ:

ረስኒ፣ ሰዓል፣ ሕጽረት ትንፋስ

ካብ እቲ ብሕማም COVID-19 ተወሪሩ ዘሎ ከባቢ ተጓዒዝኩም ድሕሪ ምምጻእኩም

ድሕሪ ምምጻእኩም ኣብ ውሽጢ 14 መዓልታት ረስኒ፣ ሰዓል ወይ ሕጽረት ትንፋስ ምስ ዘጋጥመኩም

- ኣድላዪ ዘይኮነ ርክብ ኣወግዱ፣
- ብዝተኻእለኩም መጠን ካብ ገዛ ኣትውጽኡ፣
- ክትስዕሉን ሕንጥሮ ክትብሉን ከለኹም ካብ ካልኦት ሰባት ርሕቐ በሉ ከምኡውን ንኻልኢ ወገን ተጠወዩ፤ ኢድኩም ዓጺፍኩም ንኣፍኩምን ኣፍንጫኹምን ሸፍኑ ወይ ድማ ወረቐት መንዲል ተጠቀሙ፣ ቀልጢፍኩም ድማ ደርብይዎ (ስርዓት ምስዓልን ሕንጥሮን)፣
- ቀጻሊ ብማይን ሳምናን ጌርኩም ነእዳውኩም ኣጽሪኹም ተሓጸቡ፣ ንዓይንኹም፣ ኣፍንጫኹም ኣፍኩምን ካብ ምትንካፍ ተቐጠቡ (ጽርየት ኢድ)፣
- ብዛዕባ እቲ ተጓዒዝኩሞ ዝነበርኩሞ ሓቢርኩም፣ ብተሌፎን ንሓደ ሓኪም ኣፍልጡ።

ካብ ሓደ ብሮበርት ኮኽ ኢንስቲቱት ዝተረጋገጸ ሓደገኛ ከባቢ ዝመጸኹም እንተኾንኩም (ምናዳ ክብ ዝበለ ቁጽሪ ሕማም ዘጋጠመ)

ኣብዘን ዝሓለፋ 14 መዓልታት ኣብ ሓደ ሓደገኛ ከባቢ ዝነበርኩም እንተኾንኩም፣ ምልክት ሕማም ይሃሉ ወይ ኣይሃሉ

- ኣድላዪ ዘይኮነ ርክብ ኣወግዱ፣
- ብዝተኻእለኩም መጠን ካብ ገዛ ኣትውጽኡ።

ብርቱዕ ዝኾነ ምልክት ሕማም ትንፋስ ምስ ሚዛኑ ብዘየገድስ ረስኒ ወይ ብዘይ ረስኒ

- ነቲ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ፣ ብዛዕባ ናይ ኢድ ጽርየትን ስርዓት ምስዓልን ሕንጥሾን ዝገልጽ ተኸተሉ
- ብዛዕባ እቲ ተጓዒዝኩሞ ዝነበርኩሞ ሓቢርኩም፣ ብተሌፎን ንሓደ ሓኪም ኣፍልጡ።

ቀጻሊ ጉዕዞ ትሐዱ እንተኾንኩም

- ነቲ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ሚኒስቴር ዝህቦ ናይ ጉዕዞ ሓበሬታ ኣስተውዕሉ።